*ዶ/ር ተስፋጽዮን መድኃኔ፡ ኣብነታዊ መሪሕ ባእታ እዩ!!!*

ኤርትራና.ኮም

8 ሕዳር 2009

**ንፍልልያት ከም ጸጋ ምርኣይ፡ ቅድሚ ንኻልኦት ክትምህረሉ ምፍታንካ ኣብ ዉልቅኻ ኣንጸባርቆ፡ ብድሕሪኡ መምህር ኮይንካ ትቐርብ፡ ኣቶ ኣንቶንዮ ተስፋይ!!!**

ዓቕምኻ ምፍላጥ ዝዓበየ ንቕሓት እዩ፡ ሚዛንካ ምቕማጥ ድማ ቁምነገር ይሃልዎ ኣይሃልዎ መሰል እዩ። መሰል'ዉን ደረት ኣለዎ፡ ደረቱ ዝሰሓተ መሰል ድማ ኣዝዩ ሕማቕ ዝኾነ ሳዕቤን እዩ ዘለዎ። ምግምጋም፡ ምምዛን፡ ምንቃፍ፡ ምንኣድ ምድናቕ'ዉን መሰል እዩ። ይኹን እምበር ዓቕም'ኻ ከይፈለጥካ ወይ'ዉን ጭቡጥ መርትዖን እኹል መጽናዕትን ከይገበርካ እትህቦ ገምጋም፡ ሚዛን፡ ነቐፌታ፡ ደገፍ፡ ኣድንቖት ሕማቕ በሰላ እዩ ዝገድፍ፡ የቃልዓካ'ዉን እዩ።

ዶክተር ተስፋጽዮን መድኃኔ ብፍልጠቱን ብቕዓቱን እንተዘይኮይኑ ተለቂሑ ዝገበሮ ዲስኩር የለን። ፖለቲካ ፍልጠት እዩ፡ ሳይንሳዊ ፍልጠት፡ ንፖለቲካ መሰልካ ኮይኑ ትወርሶ ፍልጠት ኣይኮነን፡ ክትመሃሮ ኣለካ፡ ብሓጺሩ ፖለቲካ ሞያ እዩ፡ ንዶክተር ተስፋጽዮን ፖለቲካ ሞይኡ እዩ።

ዶክተር ተስፋጽዮን መድኃኔ ዝባኑ ቐሊዑ ኣንጻር ምልካዉን ፋሺሽታዉን ስርዓት ኢሳያስ ዝመከተ ኣብነታዊ ምሁር እዩ። ዶክተር ተስፋጽዮን ክምድር፡ ክምህር፡ ክእርም፡ ክዓርቕ ዝመርጽ፡ ነብሱ ኣትሒቱ ዝርኢ፡ ተመራሒ እምበር ምስ ፍልጠቱን ዓቕሙን እንከሎ ኣነ ክመርሓኩም፡ ኣነ ኣብ ቅድሚት ክስራዕ፡ ርኣዩኒ ስምዑኒ፡ ፍሉይ ክብሪ ሃቡኒ ናይ ምባል ሕማም ዘወገደ፡ ኣዝዩ ምቕሉል ዝኾነ መተካእታ ዘይርከቦ ምሁር እዩ፡ ልዕሊ ኹሉ ሎቕመጽመጽ፡ ቆምጣዕጣዕ ባህሉ ኣይኮነን። <u>ኣብ ግዜ ኃይለስላሴ ኣይሰገደ፡ ኣብ ግዜ ደርጊ'ዉን ዘይተንበርከኸ፡ ኣብ ግዜ ህ.ግ.ደ.ፍ'ውን ዘይኣልመጸ ጹፉፍ ዝኾነ ታሪኽ ዘለዎ ባእታ እዩ።</u>

ሓዉና ኣንቶንዮ ተስፋይ፡ ኣብ ጹሑፉ ንዶ/ር ተስፋጽዮን መድኃኔ ከም'ዚ ዝስዕብ ገይሩ ብኣዎንታ ገሊጹዎ እዩ፡

"ዶክተር ተስፋጽዮን መድኃኔ ኣብ መፋርቕ 90ታት ናይ ተቓዉሞ ፖለቲካዊ መድረኽ ዓብሊሉ፡ ኣብ ነብሰወከፍ ቤት ኤርትራዉያን ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ክፋል ኣፍሪቃን መላእ ምዕራብ ሃገራት ናይ ለዉጥን ዲሞክራስን፡ ናይ ፍትሕን ማዕርነትን፡ ናይ ዕብየትን ስልጣንን <u>ነብይ ኮይኑ</u> ዝተፈለጠሉ እዋን ምንባሩ ማንም ዘይኽሕዶ እዩ፡"

ብማለት ኣድናቖቱ ገሊጹ፡ ቀጺሉ'ዉን ነዚ ዝስዕብ ሓቂ ገሊጹ፡

"ኣብ 1994 ኣብ ወርሒ ነሓሰ፡ ኣብ ፌስቲቫል ተ.ሓ.ኤ ሰዉራዊ ባይቶ ዘቕረቦ መደረ ቅዋምን፡ ቅዋምነትን፡ ኣባላት ተቓወምቲ ሓይልታት ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ክሳብ ኣብ ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ በጺሑስ ብተመስጦ ቪድዮ ካሴት ክሳብ ዝብንጠስ ርእዮሞን ሰሚዕሞን'ዮም። ንፕሮፌሰር ተስፋጽዮን ከኣ ካብ'ዚ ርእይቶኡን ሓሳቡን ብምብጋስ፡ ነቲ ካብ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝመጽእ ዝነበረ ጸለመን ተጻብኦታትን፡ ልዕሊ ነፍስናን ፖለቲካዊ ጉዳያትናን ተኸላኺልናሉ፡ እቲ ዝተኸላኸልናሉ ምኽንያት ከኣ ንህዝቢ፡ ኣብ መድረኽ መሰል ሰላም፡ ዲሞክራስያዊ መስርሕ፡ ንስለ ዝተኸላኸለሉ ጥራሕ'ዩ።"

ነቲ ኣሉታዊ ሸነኽ ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ገይሩ ገሊጹዎ፡

1. ኣብ 1997 ንዉድብ ተ.ሓ.ኤ /ሰዉራዊ ባይቶ/ ኣብ ሓድነታዊ ጉዳያት ከሲሱዎ
2. ኣብ ምፍንጫል ተ.ሓ.ኤ /ሰዉራዊ ባይቶ/ ዓብይ ግደ ተጻዊቱ

3. ድሕሪ ምፍንጫል 2003፡ ንተ.ሓ.ኤ /ሰዉራዊ ባይቶ/ ምስ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝወገነ፡ ናይ ጽገና ዉድብ'ዩ እምበር፡ መሰረታዊ ለዉጢ ኣብ ኤርትራ ከምዘይጠልብ ዉድብ ቆጺሩ መናፍሕ ክዝርግሕ ጀመረ፡
4. ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ወርሂ ነሓሰ 2009፡ ኣብ ፌስቲቫል ካሰል፡ እዚ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሰለስተ ዉድባት ሓድነት ከይዱ ከይዱ ምስ ህ.ግ.ደ.ፍ ዕርቂ ክሓትት ምዃኑ ዘይተርፎ ምዃኑ ኣሚቱ።

ኣቶ ኣንቶንዮ ተስፋይ ኣብ መንን እቲ ኣብ ልዕሊ ዶ/ር ተስፋጽዮን መድኃኔ ዘቐመጦ ኣዎንታዊ ገምጋምን ዘንበሮ ኣሉታዊ ገምጋምን፡ ጥብቕ ኢሉ ንዘንብብ ሰብ መን'ዩ ዘንባዕባዕ ዝብል ዘሎ፡ መን'ዩ መስመሩ ስሒቱ ዘሎ፡ ሰዉራዊ ባይቶ /EPP/ ዶስ፡ ዋላስ ዶ/ር ተስፋጽዮን መድኃኔ?

ዶ/ር ተስፋጽዮን መድኃኔ፡ ብጸይና፡ መራሒና ስለዝኾነ ንኽንዘርየሉ ኢልና ዘይኮነስ፡ ንክዉንነታዊ ሓቂ ምርኩስ ብምግባር ዶ/ር ተስፋጽዮን ኣብ ልዕሊ ሰዉራዊ ባይቶ ዝገበሮ ገምጋምን መጽናዕትን፡ ኣብ 90ታት ይኹን፡ ኣብ 2003፡ ሕጂ'ዉን ኣብ 2009፡ ፍጹም ፍልልይ የብሉን። ኣቐዲሙ ሓዉና ኣንቶንዮ'ዉን ዝኣመነሉ ናይ 2003 ገምጋም ማለት ሰዉራዊ ባይቶ ምስ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝወገነ ናይ ጽገና ዉድብ'ዩ ዝብል ገምጋም ብጸይ ዶ/ር ተስፋጽዮን፡ ናይ ፈላጥን፡ ፍላስፉን፡ ምሁርን ገምጋም ስለዝኾነ እንሆ ሎሚ ብተግባር ንሪኦ ኣሎና። ስለ'ዚ ዶ/ር ተስፋጽዮን፡ ደድሕሪ ሰዉራዊ ባይቶ ዞኽዞኽ ዘይበለ፡ ደድሕሬኹም ዘይሰዓበ፡ ሰላማዊ ቃልሲን ዕርቅን፡ ሕድገትን ስለዘይደገፈ እንተድኣ ኾይኑ እዚ ኹሉ ምቑርምራም፡ ይርድኣና እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን ከም'ቲ ኣብ ጽሑፍ ሓዉ ኣንቶንዮ ሰፊሩ ዘሎ፡ ፕሮፌሰር ተስፋጽዮን መድኃኔ ነቲ ኣብ መጀመርያ 90ታት ዝቃለሰሉ ዝነበረ ዕላማ፡ ባዕሉ ንስለ ዘይባረኾን ዘይቐደሶን፡ ሎሚ ነቲ ዉድብ ተ.ሓ.ኤ ሰዉራዊ ባይቶ ብዘይ ሕለል ቃልስን ጽንዓትን ዝበጽሖ መድረኽ ቃልሲ፡ ናይ ክርስትያን'ዶ፡ ናይ ከበሳ'ዶ፡ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ክብል ጀሚሩ ኢልካ ክትከሶን ከተካፍእን ምፍታን፡ ኣቶ ኣንቶንዮ ንብቕዓትካን ገምጋምካን ዘፍኩስ ሚዛን እምበር፡ ካልእ ናይ ዉድብካ ህልዊ መርገጻት ረብሓ ዝረኸበሉ፡ ኣገዳሲ ነጥቢ ይኹን መልእኽቲ ናይ ምምሕልላፍ ፋይዳ የብሉን። ዶ/ር ተስፋጽዮን ነዚ ንስኻ ትሕበነሉ ዘሎኻ ብዘይ ሕለል ቃልስን ጽንዓትን ረኺብናዮ ትብሎ ዘሎኻ ምዕባለ፡ ብመርገጽን ብመትከልን ኣንጻሩ ስለዝኾነ፡ ናይ ምምራቕን ናይ ምብራኽን ህርፋን የብሉን እምበር፡ ቅድሚ ሕጂ ንኽምርቐልኩምን ንኽባርኽልኩምን፡ ባዕልኻትኩም ኢኹም ብኽብሪ ትዕድምዎ ዝነበርኩም እምበር፡ ባዕሉ ብኢደ ወነኑ መጺኡኩም ኣይፈልጥን።

ኣቶ ኣንቶንዮ ኣብ ጽሑፍካ ነዚ ዝስዕብ ነጥቢ'ዉን ኣቐሚጥካ ኢኻ፡

> "ካብ'ቲ ኹሉ ዘገርምን ዘስደምምን ከኣ፡ ብዓቢኡ ነታ ብ1986 ዝደረሳ መጽሓፍ ኣብ ገበራ ብረት ቁልቁል ኣፉ ተኺሉ ዝጸሓፎ መጽሓፍ፡ ንምእንቲ ሰላም ዕብየትን ዘንበርክዎ ምልክት'ዩ ክብል ኣብ መደረ ፌስቲቫልና፡ ዘሕለፎ መልእኽቲ ሎሚ ተገምጢሉ ብረት እንተዘይኣልዓልኩም ክብል ይርከብ ኣሎ።"

ኣቶ ኣንቶንዮ ነታ ብ1986 ብዶ/ር ተስፋጽዮን መድኃኔ ዝተደረሰት መጽሓፍ፡ ንማህደራ እምበር ንዉሽጣዊ ትሕዝቶኣ ንኽትርድኣ ዓቕሚ ክህልወካ ይኽእል እዩ ኢልና ኣይንኣምንን። ንመጽሓፍ ብማህደሩ ምግምጋም ድማ ጽቡቕ ከምዘይኮነ ብዙሓት ፈላጣት ሓቢሮም እዮም። ዝኾነ ኮይኑ ደቂ ሰባት በብዓቕምና ምፍራድ መሰልና ስለዝኾነ ንስኻ'ዉን መሰልካ ኮይኑ ትፈላሰፍ ኣለኻ። ናይ 1986 መጽሓፍ ዶ/ር ተስፋጽዩን፡ ኣተሃላልዋ ኤርትራን ህዝባን ኣብ 2009፡ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ብዙሕ ክብሃል ዝኽእል ነገራት ኣሎ።

<u>ካብ ህ.ግ.ደ.ፍ ደርጊ ይሓይሽ፡ ካብ ኢሳያስ መንግስቱ ይሓይሽ፡ ፍልልዮም ቋንቋ ጥራሕ'ዩ፡ ብተወሳኺ ድማ ብጭካነን ግፍዕን ኢሳያስ ይበልጽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሪኢዎ ዘይፈልጥ ጨቛኒ</u>

ምሕደራ ኣጋጢሙዎ እዩ'ኮ ዝብሃል ዘሎ፡ ብኻልኣ ኣገላልጻ ካብ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ደርጊ ይሕሸና እዩ'ኮ ዝብሃል ዘሎ፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ይሓይሽ ይርድኣካ ኣሎ'ዶ ሓዉ ኣንቶንዮ። ናበይ ናብ ብ1986 ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ጽግዕግዕ፡ ነቶም ደርጊ ገስጋሲ እዩ ኢሎም ኣሚኖም ዝነበሩ መራሕትኻ ኸ ሓቲትካዮም ትፈልጥ'ዶ? ሓዉ ኣንቶንዮ ኣይፋልካን፡ ምጽላምን ኣስማት ሰባት ምጥፋእን ጽቡቕ ኣይኮነን። ዉድብካ ሒዙዎ ንዘሎ ዕላማ ይኹን መርገጽ ክትጣበቐሉ ጽቡቕ እዩ፡ ብሰላማዊ ኣገባብ ክትቃለሱ፡ ምስ ህ.ግ.ደ.ፍ ክትዕረቑ፡ ካብ ናይ ብዓል ዶ/ር ተስፋጽዮን ምኽርን ምዕዶን፡ ናይ ምዕራባዉያን ምኽርን ምዕዶን ክትመርጹ'ዉን መሰልኩም እዩ፡ ንመገድኹም ንዘይድግፍ፡ ንኣካይዳኹም ንዝነቕፍን፡ ንዕላማኹም ንዘይተቐበለን ሰብ ግን፡ ኣብ ፓልቶካትን ኣብ ምንጪ ሓበሬታታትን፡ እተካይድዎ ናይ ስም ምጥፋእ ወፈራታት ረብሓ የብሉን እሞ እንተኣቋረጽኩሞ ይሓይሽ ዝብል ምዕዶ ምስ ኩሉ ፍልልያትና ኣሕዋት ስለዝኾንና፡ ግቡእ'ዩ ኢልና ስለንኣምን ሓደራ ንብል።

ዶ/ር ተስፋጽዮን ንሰዉራዊ ባይቶ ብረት ኣልዕሉ ዝብል መልእኽቲ፡ ኣብ ናይ 2009 መደርኡ ኣየስመዔን፡ እንታይ ድኣ ፋሽሽታዊ ስርዓት ብጆካ ብጎነጽ ብኻልእ ኣገባብ ክዉገድ ስለዘይኽእል ንፋሺሽታዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንምዉጋድ ጎነጻዊ ቃልሲ መተካእታ ዘይብሉ ምርጫ ምኳኑ ግን ብንጹር መልክዑ ኣቕሚጡ እዩ። ብተወሳኺ ንድኽመታት ደምበ ተቓዉሞ ብሓፈሻዊ መልክዑ ገምጊም ሂቡ እዩ።

ዶ/ር ተስፋጽዮን፡ ሎሚ ካብ መደረ ናብ ፖለቲካዊ መሪሕ ባእታ ደረጃ ተሰጋጊሩ እዩ። ሎሚ ንኻልኦት ሚሂሩን ሚዒዱን፡ ፖለቲካዊ ዉድባት ንኽመርሖ ቃልሲ ዘካይደሉ መድረኽ ኣይኮነን፡ እንታይድኣ ብኣንጻሩ ባዕሉ ዝመርሖን ዘንቀሳቕሶን ዉድብ ሰሪሑ እዩ ዘሎ ብጻይና ዶ/ር ተስፋጽዮን መድኃኔ ካብ ዉድብ ሓሊፉ፡ ንፋሺሽታዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ሱር መሰረቱ ዝምሕዉ ፍትሓዉን ዲሞክራስያዉን ዝኾነ ሓያል ግንባር ንምምስራት ኣብ ምርብራብ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ነቶም ኩሎም ኣብ መሰረታዊ ለዉጢ ዝኣምኑ ግንባራት፡ ዉድባት፡ ጉጅለታት፡ ዉልቀሰባት፡ ኣብ ሓደ መኣዲ ንምምጻእ ኣብ ከቢድ ዕረፍቲ ዘይብሉ ስራሕ ተጸሚዱ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ኩሎም ሰላማዊ ቃልሲ ዝኣምኑ ሓይልታት፡ ዕርቂ ዝኣምኑ ፖለቲከኛታት የካይዱዎ ዘለዉ ምትእኽኻብ፡ ሓይልታት መሰረታዊ ለዉጢ'ውን ናይ ባዕሎም ግንባር ንኽምስርቱ ግድን ስለዝኾነ ብመሪሕነት ዶ/ር ተስፋጽዮን መድኃኔን ናይ ካልኦትን ጻዕርን፡ ኣብ ሓድሽ መድረኽ ክብጻሕ ምኳኑ ንሓዉ ኣንቶንዮን ዉዱቡን ክንሕብሮም ንፈቱ።

ሓዉና ኣንቶንዮ ተስፋይ፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፉ፡ ኤርትራ ሃገርና ካብ ነዊሕ ዘመናት ጀሚራ ሃብታም ትብሃል ከም ዝነበረትን፡ ሓያል ወይ'ዉን ብዙሕ ነገራዊ ዕቑር፡ ባህርያዊ ሃብቲ፡ ማዕድናትን፡ ቅመማትን፡ ሚነራላትን ኣለዋ፡ እዚ ጥራሕ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ትሽዓተ ሕብረ ብሄራዊ ጉጅለታት እትዉንን ሃገር እያ ዝብል ኣስተምህሮ ሂቡና እዩ። ይኹን እምበር ሓዉና ኣንቶንዮ ብዛዕባ ዕድመ ኤርትራን ኤርትራዉነትን ብዙሕ ሓበሬታ ዝጎደሎ'ዩ ዝመስል። ሃገርና እንተበዝሔ ዕድሜኣ ካብ 119 ዓመታት ንላዕሊ ክኸዉን ይኽእል እዩ ኢልና ኣይንኣምንን። ካብ'ኡ ንላዕሊ ብዙሕ ዘመናት ዘቑጸረት ሃገር እያ እንተድኣ ክንብል ኮይንና ናብ ጽዉጽዋይ ኢና ክንኣቱ። ቅድሚ ጣልያን፡ ነዚ ሕጂ ኤርትራ ኢልና ንጽዉያ ዘሎና መሬትን፡ ኤርትራዉነት ኢልና ንጽዎዖ ዘሎና መንነትን፡ ሂወት ከምዝነበሮ ጌርካ ክትምድር ምፍታን ሓቅነት የብሉን። ብተወሳኺ ኤርትራ ሃብታም'ያ፡ ማዕድናት ኣለዋ፡ ቅመማት፡ ሚነራላት ወዘተ … ዝብል ኣብ ሰዉራ ንመርሰኒ ንጥቀመሉ ዝነበርና ጽዉጹዋይ ይኣክል ኣቶ ኣንቶንዮ። ሃገርና እንታይ ምኳናን፡ እንታይ ዓይነት ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ከምዘለዋን ሎሚ በሪሁልና እዩ። ሃገርና ድኻ ሃገር እያ፡ ዝጋነን ሃብቲ የብላን፡ ሃብቲ ሃገርና ህዝብና'ዩ ነይሩ፡ ሕጂ ግን ዋላ ህዝብና'ዉን ኤርትራዉነቱ ኣጽሊኡዎ ናብ ፎቖዶ ስደት የምርሕ ከምዘሎ ብፍላይ ዉድብካ ዕለታዊ ቁጽሪ ስደተኛታት ኤርትራዉያን ኣብ መርበብ ሓበሬታታት ይዝርግሕ ስለዘሎ ትፈልጠ ኢኻ። ስለ'ዚ ኣብ ኩሉ ነገር ዓቕም'ኻ ፈሊጥካ ክትምህርን ክትሕብርን ምፍታን ጹቡቕ እዩ፡ ጠብሎቕ ጠብሎቕ ምባል ግን ጽቡቕ ኣይኮነን። ንዉድብካን ንእምነትካን ንመርገጻትካን ዝበለጸ እዩ ኢልካ ዓጊብካ ክትቃለሰሉ መሰልካ እዩ። እቶም ዘይኣምንሉ ድማ ክነቕፉዎ መሰሎም ምኳኑ እመነሉ። ምናልባት ንዶ/ር ተስፋጽዮን ዝደፈርካዮ፡ ዘነኣኣስካዮ፡ ዘሰንበድካዮ ወይ'ዉን ዘፈራራህካዮ መሲሉካ ክኸዉን ይኽእል። ብኣንጻሩ ግን

**ንነብስኻን ንዉድብካን ኢኻ ኣምዚንካ፡ ስለ'ዚ ካብ ብሂወት ክለኻ ሙዉት ኮይንካ ምንባር፡ ሞይትካ ምንባር ዓብይ ጸጋ እዩሞ ሓዉና ኣቶ ኣንቶንዮ ንፍልልያት ከም ጸጋ ምዉሳድ ብቐዳምነት ንባዕልኻ ኣብ ተግባር ኣዉዕሎ ብድሕሪኡ ንኻልኦት ምእንቲ ኣብነት ክትኸዉን እንዳበልና ሰላምን ጥዕናን ንምነየልካ።**

**ፋሺሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ብዘይ ጎነጽ ኣይዉገድን**
**ሰፊሕ ግንባር መሰረታዊ ለዉጢ ይመስረት**
**ስጡም ሃገራዊ ሓድነት ኤርትራዉነት ኣብ ልዕሊ መቓብር ፋሺሽቲ ኢሳያስ ክንደቐ እዩ**
**ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ**

**ኤርትራና.ኮም**
**ሕዳር 8, 2009**